ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ሰቲት ሑመራ ኣብ ኣብያተ ፅሕፈት ኣገልግሎት ካብ ስሩዕ በጀት ዝ/ዩ ዓይነታት ተሸከርከርቲ፣ ሞተር ሳይክላት፣ መለዋወጢ ሞተር ሳይክላት፣ ዝ/ዩ መሳርሒ ፅሕፈት፣ ንብረት ኤሌክትሮኒክስ፣ ላፕቶፕን ዲስክቶፕን ኮምፒተራትን ኣብ 4ተ ምድብ ብምምዳብ ንብረታት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ መጋቢት 5, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 20, 2011 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:በቢሎቱ ዝተፈላለየ
- ቦታ:ሰቲት ሑመራ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 20, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርከርቲ/ ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ናይ ኮምፒተር ተዛመድቲ ኣቁሑትን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ዕድጊት ሞተርሳይክል/

1 ናይዚ ዘበን ዝተሓደሰ ፍቃድ ስራሕ ንግዲ ዋና ምስዘይምለስ ቅዳሕ ከቅርብ ዝክእል፤

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለዩ ቁፅሪ ዘለዎን መረዳእታ ዘቅርብን፤

3 ናይ ወርሒ ጥሪ 2011 ዓ/ም ሒሳብ ዘፍለጠሉ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል፤

4 በቲ ዘፈር ዝተሓደሰ ናይ መቅረባይነት ካርድ ከቅርብ ዝክእል፤

5 ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ወይድማ ቫት ተመዝጋቢ ዝኮነን መረዳእታ ዘቅርብን፤

6 ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ መኽበሪ ጨረታሎት 1 ንመለዋወጢ ተሸከርከርቲ 15000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ ሎት 2 መሳርሒ ፅሕፈትን ሃለቅቲ ንብረትን 4000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ሎት 3 ኤሌክትሮኒክስ 10000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ ብሲፒኦ ወይ ድማ ብጥረ ገንዝብ ከትሕዝ ዝክእል፤

7 ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሐፈት ትልምን ፋይናንስን ደ/ስ/ከ/ምም/ንብረትን ክፍሊ ቁፅሪ 26 ዘይመለስ 100.00 ቅርሺ ብምክፋል ምውሳድ ይከኣል።

8 ምልክታ ጨረታ ብድምፂ ወያነ ካብ ዝተቃለሐሉ ዕለት ጀሚሩ ንተከታታልቲ 15 መዓልቲ ዘፀንሕ ይከውን።

9 እዚ ጨረታ ዝክፈተሉ ብድምፂ ወያነ ምስሓለፈ ኣብ መበል 16 መዓልቲ ንግሆ ሰዓት 3፡00 ተዓሺጉ በቲ ዕለት ሰዓት 3፡30 ይክፈት።

10 ተወዳደርቲ ኣብ ሕድሕድ ገፅ ናይ ጨረታ ሰነድ ናይ ትካሎም ማህተም ናይ ዝምልከቶ አካል ፊርማ ክዓርፈሉ አለዎ።

11 ተወዳደርቲ ዘቅርብዎ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዘሓወሰ ምካኑን ዘይምካኑን መብርሂ ክትህቡ ይግባእ። እንተዘይገሊፅኩም ዝቀረበ ዋጋ ምስ ተወሳኪ እሴት ታክስ ተገይሩ ይውሰድ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12 ናይ ዝግዛእ ኣቅሓ ካብ ነብሲ ወከፍ ነፀላ ኣቅሓ ክሳብ 20 ሚኢታዊ ናይ ምውሳክን ምቅናስን መሰል ኣለዎ።

13 ኣብ ዝ/ዩ ሎታት እትወዳደሩ ንነብሲ ወከፍ ሎት ንናይ ባዕሉ መከበሪ ጨረታ ክተትሐዙ ኣለኩም።

14 ጨረታ ሰዓራይ እቲ ንብረት ብናይ ባዕሉ ወፃኢ ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ሰቲት ሑመራ የረክብ።

15 ዋጋ ፀኒዑ ዘፀንሓሉ መዓልቲ ን30 ተከታተልቲ መዓልቲ ይከውን።

16 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 0344-4800062/0344-480063 ብ ብምድዋል ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle